# ንኣምላኽ መሪጽካ ምኽኣል

**ንባብ፡** ኢያሱ 24፡ 1-18፤ ኤፌ 5፡21-32፤ ዮሓ 66-69።

ወድ ሰብ ካብ መጀመርያ ንኣምላኽ ክመርጽ ዝተፈጥረ እዩ። ኣምላኽ ንሰብ ምስኡ ክነብር ንእኡ ክመስል ኢሉ ብሂጉ ዝፈጠሮ እዩ። ቀዳመይቲ ትእዛዝ ዝሃቦ ካብኡ ዝፈልዮ ምርጫ ከይገብር ምጥንቃቕ እዩ። ካብ ፍረ እቲ ኣብ ገነት ዘሎ ብላዕ፥ ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብኣ ኣትብላዕ ዝበላዕካላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ እሞ ካብኣ ኣይትብላዕ (ዘፍ 2፡16-17) እናበለ ካብኡ ከይፍለ ኣጠንቂቕዎ። ካብዛ ዝብለካ እንተ በላዕካ ክትመውት ኢኻ ካባይ ክትፍለ ኢኻ፥ ተጠንቀቕ እናበለ ካብኡ ዝፈሊ ምርጫ ኸይገብር ኣጠንቂቕዎ።

ሰብ ግን ኣይሰምዐን ግጉይ ምርጫ ንጥፍኣቱ ካብ ኣምላኽ ዝፈልዮ መገዲ መሪጹ በዚ ሞት ኣብ ዓለም ኣትዩ፥ እዚ ኹሉ ሳዕበን ናይ እቲ ቀዳሞት ወለድና ዝገበርዎ ግጉይ ምርጫ እዩ። ኣምላኽ ንሰብ ኣብ ቀዳማይ ምርጭኡ ክምለስ ምስደለየ እዩ። ሎሚ እውን ነንፍሲ ወከፍና ምርጫኻ/ኺ ንኣይ ግበሩ ይብለና ኣሎ። ቤተ ክርስትያን ኩሉ ጊዜ ምስ ኣምላኽ ምስ ክርስቶስ እቲ ቅዱስ ኣምላኽ ክንከውን ምስ ኣበራታትዓትና እያ። ኣብ ቀራና መገድ ክንርከብ ከሎና ክንሰተውዕል ኣየናይ እዩ እቲ ቅኑዕ መገዲ ክንክተል ምኽንያቱ ዝገጥሙና ጓል መገዲ ኣለዉ።

ጓል መገዲ የደናግር እዩ፥ ምርጫና ነቲ ቅኑዕ መገዲ ኣምላኽ ክንገብር ንጹር ኣፍልጦን ትብዓትን ክህልወና ይግባእ። ሽዑ ቅኑዕ ውሳኔ ክንገብር ንኽእል። እቲ ውሳኔን ምርጫን ዝገበርናዮ ናይ መጻኢ ሕይወትና ቅርጺ ይህቦ። ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሕና ቅኑዕ ምርጫ ክንገብር እምበር ኣብ ስምዒትን ሃረርታን ጥራሕ መሰረት ገርና እንተ ገበርና ክንጋገ ንኽእል ኢና።

ኩልና ኣብ ሕይወትና ዝተመከርናሉ ክህሉ ይክኣል። ዓበይቲ ውሳኔታት ኣብ ሕይወትና ንኣብነት ከም ቃል ኪዳን ክትኣስር፥ ክህነት ክትቅበል፥ ገዳማዊ ወይ ማሕበራዊ ሕይወት ክትመርጽ፥ ኣብ ናይ ስድራ ነገራት ንሓቂ ምምራጽን ንወገንካ ምምራጽን፥ ኣብ መንጎ ንጥቕምና ዝፈታተን ወሳኒ ነገራት፥ ዘይፍትሓዊ ነገራት ምእንቲ ጥቕምና ኢልና ኣብ ምልክት ሕቶ ክነእቱ ከሎና እዝን ካልእ ነዚ ዝኣመሰሉ ክንመርጽ ከሎና ዓቢ ምስትውዓል የድልየና። ኣብ ቀራና መገዲ ክንርከብ ከሎና ንኣምላኽ ኢና ክንሰምዕ ዘሎና፥ ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ገሩ ብርሃኑ ሰዲዱ ንዝነግረና ክንቅበል ንጸሊ።

መንእሰያ ካብቶም ብዝያዳ ንኽመርጹ ዝጽገሙ እዮም። ገለ እዋን ዕድሚኦም ውዑይ ስለ ዝኾነ ሓጺር ውሳኔን ርድኢትን ዋሕስ ኣይ ህቦም፥ ወይ ከኣ ብሓደ ወገን ጥራሕ ናይ ምርኣይ ዝንባሌ ኣለዎም ሽዑ ምርጭኦም ዘተኣማምን ኣይከውንን። ኣብ ምርጭኦም ባዕሎም ክውስኑ እምበር ምኽሪ ኣይደልዩን ተመክሮ ዘለዎ ወላዲኦም ወይ ካልእ ሰብ እንተ ተዛረቦም ኣይደልዩን እዚ ኣብ ድሕሪ ዝመጽእ ሕይወቶም ይጎድኦም ሰሚዐ እንተ ዝኸውን ይብሉ። መንእሰይ ብሓቂ ክመርጽ ዝጽግሞ ሰብ ስለ ዝኾነ ብዝያዳ ክነስተውዕለሎም ይግብኣና።

ኣብ መጽሓፍ ኢያሱ 24 ከም እነንብቦ ኢያሱ ድሕሪ ሞት ሙሴ ንደቂ እስራኤል መሪሑ ኣብ ምድሪ ተስፋ ዘእተዎም እዩ። እስራኤላውያን በቲ ኣምላኽ ዝነገሮም ኣብ ክንዲ ዝሽዱ ኪዳን ኣፍሪሶም፥ ምስ ካልኦት ዓሌት መውስቦ ገሮም ካብ ሕጊ ኣምላኽ ወጺኦም ብሓጺሩ ግጉይ መገዲ መሪጾም። ነዚ ዝረኣየ ኢያሱ ንህዝቢ ንዓበይቲ ዓዲ፥ ጸሓፍቲ፥ መሳፍንትን ኣኪቡ ንኣምላኽ ብሓቂ ክምልሱሉ ወይ ከኣ ክኣብይዎ ምርጫ ኽገብሩ ሓቲትዎም። ንመን ከም እተገልግሉ ኅረዩ ኣብቶም ባዕዳውያን ኣምላኽቲዶ ወይስ ኣብ ኣምላኽኩም እቲ ካብ ባርነት ግብጺ ዘውጽኣኩም ኣብ በረኻታት ክሳብ ኣብ ምድረ ተስፋ

እትአትዉ ዝመርሓኩም ሓዲኡ ምረጹ እናበለ ወጣሪ ሕቶ ሓቲትዎም። ሎሚ ንጎይታ ክተገልግሉ ዘይትኽእሉ እንተ ኾንኩም ንመን ክተገልግሉ ከም እትደልዩ ምረጹ። መልሶም አብ ቅልጡፍን ብመጠኑ ኸአ አውንታዊ እዩ ነሩ፥ ንእግዚአብሔር ኃዲግና ንኻልኦት አማልኽቲ ምግልጋልሲ ኻባና ይርሓቕ፥ ነዚ ዘበሎም ከአ ነቲ እግዚአብሔር ንኦምን ነቦታቶም ኩሉ ዝገበሮ ብምዝካር እዩ።

መብዝሕትና ከም እንብሎ ጽቡቕ እዮም ኢሎም። ግን ነቲ ዝበልዎ ድሕሪ ሓጺር ጊዜ እዮም ክሒዶሞ። ነቲ ዝአተውዎ ኪዳን ጠሊሞም። ኢያሱ ካብኦም ምስ ከደ ከይደንጎዩ አብ ካልኦት አምላክቲ ከይዶም (መሳፍ 1-12)። አብ መዝሙር ዳዊት እቶም ድኅሪ ኻልኦት አማልኽቲ ዚጎዩ አብ ገዛእ ርእሶም መዓት የውርዱ (መዝ. 16፡4 ከም ዝበሎ እዩ)። በዚ ዝገበርዎ ምርጫን ውሳኔን ሓዘኖም ስቓዮም አብዚሖም። ዝኾነ ሰብ በቲ ዝገብሮ ውሳኔን ምርጫን ማዕሪኡ ውጽኢት ምርጭኡ ይረክብ። ጽቡቕ ምርጫ ዝገበረ ጽቡቕ ፍረ ይርከብ ግን ሕይወቱ ብጹቡቕ ዘይመርሐ ፍሪኡ ደንጉዩ ቀልጢፉ ይረክብ። ስለዚ ኩሉ እንገብሮ ምርጫ ከይጎድአና ምሕሳብ የድልየና።

አብ መልእኽቲ ኤፌሶን ቅ. ጳውሎስ ብአምሳል አብ ቃል ኪዳን (መርዓ) ዘሎ ርክብ አብ መንጎ ክርስቶስን ሓዋርያቱን ዘሎ ርክብ ይገልጽ። ጳውሎስ አብ መንጎ ሰብአይን ሰበይትን ርክብ ከም ምስጢር ብዙሕ አተነታት ዘልኦ ገሩ እዩ ዝገልጾ። ቃል ኪዳን ናይ ክልተ ሰብ ኪዳን አብ መንግኦም ዘሎ ፍቕሪ መሰረት ናይ ርክቦም ከምዝኾነ ይገልጽ።

እዚ ርክብ እዚ ካብ ዝኾነ ምጥፍፋእ ወይ ሓሶት ዝርሓቐ እዩ፥ ማለት ርክቦም ሓቅን አብ ብነጻ ዝገበርዎ ምርጫ ዝተመስረተ እምበር ብፍርሒ ወይ ብዘይከውን ካልእ ሓሳብ ዝተገብረ አይኮነን። ቃል ኪዳን አብ ምትእምማንን አብ እምነትን ዝተመስረተ እዩ ዝኸውን። ርክብ ቃል ኪዳን ነቲ በብእዋኑ ዝልዓል ፈተናታት ዝጻወር ክኸውን እዩ ዘለዎ። ካብቲ አብዚ ዘመና እንርእዮ ዘሎና ጸገማት ቃል ኪዳን ዝተፈልየ እዩ፥ ሰባት ሎሚ ንግሆ ተመርዕዮም ምሸት ዝፋትሑ ኢና በጺሕና ዘሎና። ከምቲ ሓደ ንገዛእ ርእሱ ክሓድግ ዘይኽእል ንክርቶስ ጎይትኡ እውን ክሓድግ የብሉን።

አብ ወንጌል ዮሓንስ 6፡66-69 ከምቲ እያሱ አብ ሲከም ንደቂ እስራኤል ዝወጠሮም ኢየሱስ ከአ ንሓዋርያቱ ክመርጹ ሓቲትዎም። ብዛዕባ ናይ ሕይወት እንጌራ አግፊሑ ድሕሪ ምግላጹ ገለ ካብቶም ሰዓብቲ ኢየሱስ በቲ ዝበሎ ተዓንቂፎም አይተሓጎሱን ብዙኃት ካብኦም ንድኅሪት ተመሊሶም ምስኡውን ምኻድ ገዲፎሞ። እቲ ዝሰምዕዎ ምስቲ ካብ ኢየሱስ ዝተጸበይዎ ንበይኑ ኾይኑ። እዚ ትምህርቲ ዕጹብ እዩ ክንርድኦ ክንቅበሎ ከቢድ እዩ ንአና። አሚና ዝሰዓብናካ ሕይወትና ምናምና ትገብሮ አሎኻ? በዚ ኸአ ክቅበልዎ ስለ ዘይክአሉ ሓዲጎሞ ከይዶም።

ንድሕሪት ተመሊሶም ክንብል ከሎና ብዓይኒ እምነት ኢና ክንርእዮ ዘሎና አብ ክንዲ አብ አምላኽ ገጾም ዝኸዱ ካብኡ ንድሕሪት ተመሊሶም። ንድሕሪት ጥራሕ ዘይኮነ አብቲ ናይ ቀደም ዑረቶም ተመሊሶም። ካብዚ ንድሓር ናይ ኢየሱስ ሕይወትን ብርሃኑን ሓዲጎም። እዘን ቃልት ካብቲ ብጣዕሚ ዘጉህያ ቃላት አብ ወንጌል እየን። እዚ ንብዙሓት አብ ታሪኽ  ገጢምዎም ሎሚ እውን አለዉ ከምኡ ገሮም ካብ ኢየሱስ ዝሃድሙ። ይሁዳ ከምኡ ገጢምዎ አብ ዘመና እውን አለዉ ሓዲጎም ዝኸዱ ብጣዕሚ ዘጉሂ እዩ።

አብ ዮሓ 6፡53 ሥጋ ወዲ ሰብ እንተ ዘይበላዕኩም ደሙውን እንተ ዘይሰተኹምሲ ሕይወት ከምዘይብልኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ፥ እናበለ ክትአምኖን ክትቕበሎን ከቢድ ኢልዎም። አብዚ እቶም መራሕቲ ሃይማኖት ጥራሕ ዘይኮኑ ሓዋርያቱ ከይተረፉ እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን እናበሉ ክሓቱ ጀሚሮም። እዚ ዘረባ እዚስ ዕጹብ እዩ መን ኪሰምዖ ይኽእል (ጉ 60)፥ እናበሉ አግሮምሮሙ ሸው አብቶም ዓሰርተ ክልተ ግልጽ ኢሉ ንስኻትኩምከ ኽትከዱዶ ትደልዩ አሎኹም እናበለ ሓቲትዎም።

እዚ ኢየሱስ ዝሓተቶ ምስቲ ኢያሱ ንደቂ እስራኤል ዝሓተቶ ሓደ ዓይነት እዩ። ንሓደ ሰብ አብ ሕይወቱ ሓደ በዳሂ ክፉት ዝኾነ ዕድል ይገድፈሉ ንክርስቶስ ክኽተል ወይ ክሓድግ ። እዚ ማለት ንስኻ/ኺ በዚ ዝበሎ ዘሎኹ ሓቂ ክትአምን እንተ ዘይክአልካ/ኪ ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም ከም ማለት እዩ።

አብዚ ብዙሕ እንምሃሮ ነገራት አሎ። ብርግጽ እዚ አበሃህላ ኢየሱስ ቃል ንቓል ክንወስዶ የብልና፥ ኢየሱስ ብድራማቲካዊ መገዲ እዩ ዝዛረቦ ዘሎ። ንኢየሱስ ብምሉእ ክንቅበሎ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ወይ ተዓቅቦ ክኸውን ከምዘለዎ ንምግላጽ እዩ። ሓሳቡን ርኢትኡን አገባብርኡን ቍምነገሩን አብ ሕይወት ዘለዎ ርድኢትን ብምልኡ ናትና ክንገብሮ ከምዘሎና ዝነግር እዩ። ልዕሊ ኹሉ ምስኡ ክንወሃሃድ ከም ዘሎና፥ አብቲ ሥጋኡን ደሙ አብ ዘፍሰሰሉን አብ መስቀል ምስኡ ክንህሉ ከምዘሎና ንምሕባር እዩ። እዚ ከአ እቲ ዘይቅየር አምላኽ አብ ልዕለና ዘለዎ ፍቕሪ ዘርኢ እዩ።

ብዙሓት ካባና አብ ኢየሱስ እንመጽእ ኩሎም ትጽቢታትና ክማልኡልናን ኩሉ ነገራት ብቐሊል ክንረኽቦም ምእንቲ እዩ። ገለ ምስ ጸቢብ እምነት ይመጹ። ካልኦት ከአ ውሱን ትጽቢታት ኽግበረሎም ዝደልይዎ ሒዞም ይመጹ እሞ ነቲ ዝደልይዎ ጥራሕ ክሰምዑ ይደልዩ። ሽዑ እቲ ትጽቢታት እንተ ዘይተማልአ የቛርጹ እሞ ካብ እምነቶም ወጺኦም አብ ካልእ ደምበ ይጽምበር ግን አብዘይ ደንቢኦም። ፈተና ዘይብሉ ክበድ ዘይብሉ እምነት ንደሊ። እምብአር ሎሚ ንገዛእ ርእስና ክንሓቶ ዘሎና ነገር አሎ። ክንደይ ጊዜ ንአምላኽን ንቤተ ክርስትያኑን ሓዲገዮም ብፍላይ አብቲ ጽንኩር እዋን ሕይወተይ?

አብዚ ዘሎናዮ ዘመን ክርስትናና አብ ዓበይቲ ነገራት ጥራሕ ኢና እንደልዮ ከም አብ ጥምቀት፥ መርዓ፥ ሞት ከምኡ ዓቢ ጉዳይ፥ አብ ዝህልወና። ክርስትናና ናይ ብዓላት ክርስትና ኮይኑ ይተርፍ። እምነትና ክነብሮ ይኸብደና ወይ እውን ክንሳተፎ ብሓላፍነት ክነብሮ የጸግመና። ገለ ኸአ ክሳብ ዝጥዕመና እምበር ንእሽቶይ ጸገም ክጓነፈና ኸሎ ንሓድጎ ተበዲለ እናበልና ንርእስና እና አታለልና ንነብር።

አብ ሕይወት ክስገሩ ወይ ክተርፉ ዘይኽእሉ በዳህቲ እዋናት አለዉ አብ አምላኽ ንዘሎና እምነትን ምርጫን ክንምስክሮም ወይ ክነብሮም ዝፈታተኑና ነዚ ከረድአና አብ 1ጴጥ 1፡7 ክንሓልፎም ዝግብአና በብዓይነቶም ፈተናታት ከም ዘለዉ ይነግረና። እቲ እሙንን ሓቀኛ ተኸታሊ ክርስቶስ ጥራሕ እዩ አብ እምነቱ ደው ዝብል ከምዚ ኸአ ይብል ጎይታይ ንስኻ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ቃል አሎካ ናብመን እሞ ክንከይድ። ንስኻ ኩሉ ኢኻ፥ ንስኻ እቲ ቅዱስ አምላኽ ኢኻ ወይ ከአ ከም ኢያሱ አነን ቤተይን ግና ንእግዚአብሔር ኢና እነገልግል (ኢያሱ 24፡15)። ስለዚ ናይ ኩሉ እዋን መዝሙርና ንኢየሱስ ክኽተል ወሲነዮ እየ ንድሕሪት አይምለስን ንድሕሪ አይከይድን እየ ንበል።

አብ ውሽጥና እስከ እትው ንበል ንሕና እውን ክንደይ እንሓሰበሉ እዋናት ክህሉ ይክአል እዩ። ንኢየሱስ ንቤተ ክርስትያኑ ሓዲግና ሽፈትና ንነብር አብ ገለ እዋን ዝተዓወትና ይመስለና፥ አብ ገለ እዋን ከአ እቲ ግጉይ ምርጫ ሓንሳብ ምስ አቶናዮ ይጥዕመና ብኡቢልና ንጠፍእ። ገለ አብ እምነትና ምጥርጣር ነእቱ ሽዑ ምኽንያት ተጠቒምና ንጠፍእ። ገለ ካብቲ ብዙሕ ምኽንያታት አብ ከምዚ ዘውድቑና፡

1. ድኹም መዕበያ ትምህርቲ ክርስቶስ አብ ጊዜ ንእስነትና፥ አብ መንጎ ግጉይ ርድኢት ትምህርቲ ወንጌል ክንዓቢ እንከሎና ምኽንያት መጥፍኢ ይከውን።
2. ግጉይ ምስክርነት ወይ ዓንቃፊ ጠባይ ካብ ክርስትያን እዚኦም ካብ መራሕቲ ካህናትን ምእመናን ክኸውን ይኽእል።
3. ባእሲ አብ መንጎ ካቶሊካውያን ወይ ምስ ካልኦት ክርስትያን።
4. ዓቢ ጽልዋ ዓለም ምስ ክርስትያናዊ እምነት ዘይኸይድ ርድኢት።
5. ብኻልኦት ክርስትያን ወይ ክርስትያን ዘይኮኑ ተሳሒብካ ነቲ ናትካ ሓዲግካ አብ ካልኦት ምኻድ። ናይ ዘመና ተርእዮ እዩ።

እዚ ክብሃል እንከሎ ብዙሓት ከአ አለዉ መራሕቲ ቤተ ክርስትያን ዝገበሩ ይግበሩ ወይ ይበሉ ካብ እምነቶም ምንቕ ዘይብሉ። አብቲ ኢየሱስ ዝደልዮ ሕይወት ጸኒዖም ንኹሉ ፈተነታት ሓሊፎም ንእምነቶም ዝነብርዎ። ፈሊና ክንክእል አሎና ናይ ኢየሱስ እንታይነት በቲ ንሕና እንገብሮ ወይ እንብሎ ዝልወጥ አይኮነን። እምነት ውህብቶ አይኮነን ማለት ሓደ እኩብ ሓሳባት ዝውሃበና እሞ አብኡ እንነብሮ አይኮነን። ሕያው ርክብ ምስ አካልን ናይ ሕይወት ጠመተ ዘለዎን እዩ። ክዓቢ ዘለዎ ርክብ አብ ዘመናት እናዓመቐ ዝኸይድ እዩ። ከምቲ ፪ይ ጉባአ ቫቲካን ዝበሎ ርክብ ኮይኑ ግን አብ ዘዘመኑ ምስ ተቓያየርያ ዘመን ከይተቐየር ግን ምስኡ ዝኸይድ ርድኢት ዝሕዝ እዩ። አብዚ ዘሎናዮ ዘሎ ክርስትና ካብቲ አብ ቀዳሞት ዘመናት ዝነበር ፍሉይ ዝሓቶ ዘለዎ ኢና ዘሎና።

ቤተ ክርስትያን ናይ ዘመና ኩነታት ርኢና ክንብቦ እሞ ክርስትናና ከም ጨው መቕረት ከውህቦ ክንሓስበሉ ይግባእ። ምህዳም ወይ ተስፋ ምቑራጽ አየድልን። በርቲዕና ምርጫና ክርስቶስ ገርና ንመስክር ንስበኽ ልዕሊ ኹሉ ንጸሊ።

አብ ድሮ ሓዲስ ዓመት አሎና ንድሕሪት ጥምት አቢልና ዝተጎዓዝናዮ ሕይወት ክንርኢ የድሊ። እምነት አጉዲልና እንተ ኾና ክንምለስ እሞ እምነትና ክንሕድስ። እዋኑ እዋን ተሓድሶ እዩ፥ ንኹሉ ልብና ከፊትና አብ ቅድሚ ክርስቶስ ንኸፈቶ ክፍአትና ንሕጸብ ንአምላኽ ቦትኡ ንሃቦ። ልብና ንሕጸብ እምነትና ንሓድስ፥ ንሓዲስ ዓመት ብዝተሓደሰ መንፈስ ንእተዎ።

ሎሚ ቤተ ክርስትያን ንክርስቶስ ምረጹ ንቂምታ ጽልኢ ሓድግኩም አብዚ ሓዲስ ዓመት ደቂ እታ ሓንቲ ቤተ ክርስትያን ንኹን ነዚ ኸአ የብቅዓና።

ርሑስ ሓዲስ ዓመት ይግበረልና

አባ ንጉሠ ፍሥሓ።